# 2008፡ መበገሲት እቲ ዓቢ ዝላ ንቕድሚት

ኪሮስ ጸሃየ
ጥሪ 22 2008

ብሰንኪ ወራር ወያነ ዝተኸስረ ዕድላት ንምምላስ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ኪኖኡ ንምምራሽ ክካየድ ዝጸንሐ ሓያል ጻዕሪ ውጽኢታውነቱ ዘበስር ምልክታት ክቀላቐል ይጅምር ከምዘሎ ኩሉ ዘስተብህለሉ ጉዳይ ኢዩ። እንታይ ኢዩ ግን እቲ ምስጢር? መልሲ ናይ'ዚ ሕቶ'ዚ ጽሙቕ ኣቢልካ ብኸምዚ ዝስዕብ ነጥብታት ክግለጽ ይከኣል።

1. ንረብሓ ሓፋሽ ክትሰርሕ ምእማን
2. ሰብኣዊ ጸጋታትካ ንኣድማዒ ዕማም ምውዳብን ምንቃሕን
3. ኣብ መጽናዕቲ ዝተሞርኮሰ ብምዕሩይ ኣገባብ ዘገልግል ሃገራዊ ፖሊሲ ምሕንጻጽ
4. ንፖሊሲታትካ በብመድረኹን ኣድላይነቱን ቅየሳ እናገበርካ ከይተሓለልካ ምትግባር
5. ልዕሊ ኩሉ ድማ ወናኒ ፖሊሲታትካን ኣተገባብራኦምን ምዃን

ካልኦት ምኽንያታት'ውን ክህልዉ ይኽእሉ።

እዚ ምስጢር'ዚ ኣካል ናይ'ቲ ብሉጽ ያታታት ዝሓቖፈ ዝሰፍሐ ኤርትራዊ ባህሊ ካብ ዝኾውን ዓሰርተታት ዓመታት ብሊዑ'ሎ። ከምዚ ኢልና ደፊርና ክንዛረብ ዘኽእለና ምኽንይትከ እንታይ ኢዩ?

ኤርትራ፡ ብተወፋይነቱ፡ ዓያይነቱ፡ ኣብ ርእሱ ዝምርኮስ፡ ትስፉው፡ ብግዝያዊ መሰናኽላት ዘይርበሽ፡ ዓቃል፡ ተበላሓቲ ህዝቢ ከምእትውንን ኣብ ናይ ታሪኽ መጻሕፍቲ ተወኪስና እንረኽቦ ሓበሬታ ዘይኮነስ፡ ዝረኣናዮን እንርእዮን፡ ዝሰማዕናዮን እንሰምዖን፡ ዝዳህሰስናዮን እንድህስሶን፡ ዝተዋሳእናሉን እንዋሳኣሉን፡ ዝጨበጥናዮን እንጭብጦን ጉዳይ ስለዝኾነ ኣፍ ልብና ነፊሕና "እወ! እዚ ብሉጽ ያታ'ዚ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ራህዋን ሰላምን ዝሰፈና ምዕብልቲ ሃገር ንኽትህልወና ከምዘኽእለና ኣይንጠራጠርን" ከም እንብል ይገብረና። እቲ እንደልዮ ንሱ ስለዝኾነ *"ክኸውን'ዩ! ከመይ ዘይኸውን"*። ኣብ እዋን መግዛእቲ፡ ናጽነት ድሌትናን ባህግናን ኔሩ። ስለ ዝደለናዮ ጥራሕ ዘይኮነ ግን፡ ንድሌትና ብሓያል ጻዕርን፡ ሓያል መኸተን ክቡር መስዋእትን ስለዘሰነናዮ እቲ ዝደለናዮ ኮይኑ።

ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ፡ እቲ ዝኸፍኣን ዘሰንብድን ኩነታት ኣብ እዋን ስትራተጅያዊ ምዝላቕ ኔሩ ዝብል እምነት ኣሎኒ። ይኹን እምበር ሽዑ ናይ ሶቬት ሕብረት ታንክታትን ሚጋትን ዝፈጠርኦ ናይ መኻልፍ ደሮና ንጠመተ መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ክጋርድ ኣይከኣለን። ኪኖ'ቲ ጽዑቕ ጸሊም ደሮና፡ *"ድሕሪ ሓጺር ናይ ምርብራብ እዋን፡ ኩነታት ንረብሓ ሰውራ ኤርትራ ክቕየር ከምዝኾነ"* ብምእማን ውድብን ህዝብን ካብቲ ቀንዲ መስመሮም ፈልከት ከይበሉ ቃልሶም ንኽቕጽሉ ተቓሊሱን ኣቃሊሱን። ብድሕሪኡ ዝሰዓበ ፍጻሜትት ድማ ብሰፊሑ ተተረኺ'ሎ።

ብተመሳሳሊ፡ እኪያት ወያነ ዝፈጠሮ መስዋእትን፡ ስንክልናን፡ ምምዛባልን፡ ዕንወትን ንጠመተ መንግስቲ ኤርትራ ጋሪዱ ካብቲ ቅኑዕ መስመሩ ከውጽኦ ኣይከኣለን። እኳ ድኣ መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ሰዊዶም

ንዝተኸስረ ዕድላት ብሓያል ዝተዓጻጸፈ ጻዕሪ ኣምሊሶም ባና ብሩህ መጻኢ ሃገርና ኣብ ቀረባ ማዕዶ ክንርእየሉ ኣብ እንኽእል ዘተኣማምን ድልዱል ጥጡሕ ባይታ ከም እንረግጽ ጌሮምና። ክብርን ሞጎስን ይብጻሓዮም!!

ርግጽ'ዩ፡ እዚ ድኸነት፡ ቁጠባዊ ድሕረት፡ ድንቁርና፡ ሕማም፡ ወዘተ. በብመድረኹ እናተቐርመሙ ከምዝእለዩ ንምግባር ዝካየድ ዘሎ ሓፈሻዊ ዳግመህንጻዊ ስራሓት ኣብ ውሽጢ መድረኽ ናይ ግዝያዊ ጸገማት ይሰላሰል ስለዘሎ ገለ ምዕዝምዛማት ክስማዕ ባህርያዊ'ዩ። ብፍላይ ናይ ወያነ ኣብያን ምንጻግ ንኣህጉራዊ ውዕላትን ሕግን፡ ነዚ ግዝያዊ ጸገማት'ዚ የጋድዶ'ዩ። ዳግማይ ኩናት ከይውላዕ'ውን ስክፍታታት ኣሎ። ናይ ዶብ ኮምሽን ስርሑ ብመሰረት'ቲ ዝተኸተመ ውዕል ኣብ ባይታ ንኸየተግብር ስርዓት ወያነ ብዝፈጠሮ ኩነታት ዕንቅፋት ከጓንፎ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ንዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብመሰረት'ቲ ናይ መወዳእታን ቀያድን ብይኑ ኣብ ካርታ ኣዕኑድ ዶብ ዝትከለሉ ጅኦግራፍያዊ ነጥብታት ብምምልካት ስርሑ ክዛዝም ከምእተገደደ ዝፍለጥ'ዩ።በዚ ድማ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ዓለም ሓደ ካብቶም ዝነጸሩ ዶባት ከምዝኾነ ዝገልጽ ሰነድ ኣብ ቤት ጽሕፈት ሕቡራት ሃገራት ተዓቂቡ'ሎ።

ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብናይ ዶብ ኮምሽን ብጅኦግራፍያዊ ነጥብታት ኣብ ካርታ ድሕሪ ምምልካቱ ብዝተፈላለዩ ናይ ዜና ማዕከናት ኣብ ሞንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ናይ ዶብ ሽግር ከምዘሎ ኣምሲሎም ዘቕርቡዎ ሓበሬታ ብፍላይ ኣብ ወጻኢ ዝርከብ ኤርትራዊ ክነቕሓሉን ክምክቶን ይግባእ።ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ናይ ጎበጣ ሕቶ'ምበር ናይ ዶብ ምስሕሓብ ጸገም ከምዘየልቦ ብሩህ ክኸውን ኣለዎ። ኢትዮጵያ ጎቢጥ ሒዛቶ ካብ ዘላ ልኡላዊ መሬት ኤርትራ ክትወጽእ ጥራሕ'ዩ ዘለዋ።

ስምዒታትና ንኣታሓሳስባና ከይገዝኦ ከነስተብህል ይግባእ። ስክፍታታት ኩናት፡ ኩናት ከይክሰት ብምፍራሕ ካብ'ቲ ቅኑዕ መስመር ከይነላግስ ክንጥንቀቕ ይግባእ። መስዋእቲ፡ ስንክልና፡ ምምዝባል፡ ዕንወት ውጽኢት ኩናት ከም ዝኾኑ ህዝቢ ኤርትራ ኣጸቢቑ ይፈልጥ'ዩ። ኩናት ንኸይመጽእ ድማ ዝከኣሎ ዝገብር ህዝቢ'ዩ። ህዝቢ ኤርትራ መሬቱ ድኣ ተወሪሩ'ምበር መሬት እንዳማቱ ኣይወረረን።

ሎሚ ከም ትማሊ በዚ ግዝያዊ ዑብታ ከይተደናገርና ሃገርና ንምምዕባልን ልኡላውነትና ንምኽባርን ክንዓይን ክንጽዕትን ኣማራጺ ዘይብሉ ሕድሪ ሰማእታትና ስለ ዝኾነ፡ *"ኣባና 'ምበር ኣብ መን ድኣ'ሞ መና'ሎ ክንዳና ኩሉ ሙሉ ዝዓሞ"* ብምባል ንኹሉ እንተታት ድሉዋት ክንከውን ይግባእ።

ሳላ ጻዕሪ ህዝብን መንግስትን ድማ 2008 ጻማ ጻዕሪ ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነ ዕግበት ክሕፈሰላ እትጅምር ዓመት ምኳና ትጋሂዱ ስለዘሎ፡ እዛ ዓመት እዚኣ መበገሲት ናይ ዓቢ ዝላ ንቕድሚት ኮይና ኣብ ታሪኽ ክትሰፍር'ያ።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታት ኤርትራ!
ዓወት ንወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ!
ዓወት ንሓፋሽ!